በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ!

ዓይነታት ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕርን

መበገሲታቱን መፍትሒታቱን

ኣብ ዕድመ ንእስነት ኣካላዊ፣ ሥነ-ልቦናዊ፣ መንፈሳውን ማሕበራውን ለውጥታት ዝርኣዩ ናይ ዕቤት ነጸብራቕ ምዃኖም ካብ ዝኾነ ሰብ ዝተሠወረ ምሥጢር ኣይኮነን። ፍቕሪ ብዝያዳ ኣብ ጊዜ ንእስነት ከም ዝውለድ ውን ብዙሓት ዝሰማምዑሉ ሓቂ እዩ። መንእሰያት በዞም ለውጥታት ተደሪኾም ካብ ዘርእይዎም ዝምባሌታት ሓደ ብኣንጻር ጾታ ምምራኽ እዩ። ፍቕሪ፣ ካብ ምስ ተመሳሳሊ ጾታ ብዝያዳ ምስ ኣንጻራዊ ጾታ ብዙኅ ከዛርብ ይኽእል እዩ።
ዕላማ እዚ ጽሑፍ'ዚ ሰባት ብኣንጻር ጾታዊ ፍቕሪ ምስዝጥቕዑ ዘርእይዎ ምልክታት፣ ዝላዓሉ ናይ ኣእምሮ ጭንቀትን መፍትሒታትን ኢና ክንድህስስ።

ጾታዊ ፍቕሪ፡- ሕብሪ፣ ፍልጠት፣ ሃብቲ፣ ሃይማኖት. . .ወዘተ ከይፈለየ ንደቂ ኣዳምን ሔዋንን ኣገዲዱ እናሓዘ ዝነበረን ዝነብር ዘሎ ኃይሊ ኢዩ። መዛግብ ታሪኽ ኮነ ናይ ዘመንና ኩነታት ምስ እንምልከት ብዙሓት ኣብዚ ፍቕሪ እዚ ወዲቖም እዮም።

ፍቕሪ፣ ልቢ ኩሉ ሰብ ዝወግእ ረቂቕ ኩናት እዩ። ፍቕሪ፣ ነቶም *"ክሳዕ ሕጂ ፍቕሪ ሒዙኒ ኣይፈልጥን"* እናበሉ ዝፍክሩ እኳ ኣገዲዱ ዝሓዘ ብርቱዕ ሃዳኒ፣ ብቕሩብ ምትንኻፍ ብዙሕ ዘህውትት ጥበበኛ ፈታኒ እዩ። እንግሊዛዊ ሥነ-ጥበበኛ ጆን ኪትስ ብፍቕሪ ክዕበ ከምዘይ ጸንሐ ቅሩብ ከይከደ ግና *"ፍቕሪ ሒዙኒ ኣይፈልጥን፣ እንተኾነ ግን ኣብዚ ክልተ መዓልታት ናይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ድምጽን ቅርጽን ኣብ ውሽጠይ ሠሪጹ ኣሎ።"* ክብል ተዛሪቡ።

ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ነቶም ዓቢይ ስም ዘለዎምን ዓለም ብጥበቦም ንትዛረበሎምን ዘጃጀወ (ዘፍኮሰ) ኩናት እዩ። (2ይ ሳሙ. ፲፩፥፪-፬/11፥2-4፤ 1ይ ነገ. ፲፩፥፩-፱/11፥1-9)

ፍቕሪ፣ ቀዳዳት(ጉድለታት) ብዝበዝሕዎ መንገዲ ኣትዩ፣ ልቦና መንእሰያት ዝወግእ፣ ፊደል ንዘይቆጽሩ ጭዋታት ኣጃጅዩ ከየብቅዕ ንምሁራት እውን ከይተረፈ ዘፍዘዘ ኢዩ።

በዚ ፍቕሪ እዚ ዝሓለፉ ሰባት ዘይከፈልዎ መሥዋዕቲ የለን። ብዙሓት ንፍቕሪ ክብሉ ኣዕይንቶም ብንብዓት ኣቔንቒኖም፣ ነብሶም ኣማሲኖም ትእዛዝ ፈጣሪኦም ረጊጾም ኢዮም። ገሊኦም ልቦም ኣንጺፎም ኢዶም ዘርጊሖም ክምብርከኹሉ ከለዉ፣ ገሊኦም ግን ስኖም ናኺሶም፣ ካብ ጥቕኡ ሃዲሞም፣ ጾምን ጸሎትን ኣዘውቲሮም ስዒሮሞ እዮም።

❖ ንምኽኣኺ ብኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ኻክትጽሎ ዝገብሩ ረቓሒታት እንታይ እዮም፧-

ሀ. ጥቡቕ ምቅርራብ

ጥቡቕ ምቅርራብን ምጽግጋዕን በዚ ዓይነት ፍቕሪ ከምትማረኽ ዝገብር እዩ። ኣብ ሓደ ቀጽሪ ገዛውቲ፣ ቤት-ትምህርቲ፣ ሥራሕ . . . ምቅርራብን ምጥምማትን ከም ዘጋጥም ዝተፈልጠ እዩ። ኣብዚ ምቅርራብ እዚ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ይጅምር፡፡ ኣብ ሥራሕ ዝተጀመረ ምቅርራብ ብዘይሥራሕ ናብ ምቁጻርን ምርኻብን ይቕጽል። ብድሕርዚ ቀስ ብቀስ ኣብ ዘይግዚኡ ዝጀመርዎ ውጥን ከይፈጸሙ፣ ዝነበሮም ዕላማኦም ይቕይሩ፡፡ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወቶም ለውጢ፣ ድኻም የርእዩ፣ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ምሕሳብ ገዲፎም ንሱ ብዛዕባኣ ንሳ ድማ ብዛዕብኡ ምትሕስሳብ ይኸውን፡፡ መደባቶም ሰሪዞም ቆጸራ የብዝሑ፤ ድሕሪ ትምህርቶም ወይ ሥራሖም ሓፂር ጊዜ እንተሃልያቶም፣ ብጸሎት ምስ ፈጣሪኦም ምዝርራብ ረሲዖም ወይ ገዲፎም፣ ንንሓድሕዶም ምዝርራብ ይመርጹ፡፡ ኣብ መንገዲ፣ ትምህርቲ፣ ድቃስ፣ መኣዲ . . . ይዘኻኸሩ። ኣብ መወዳእታ ኣቐዲሞም *"ትምህርተይ ከይወዳእኩ፣ ሥራሕ ከይጀመርኩ"* ዝብሉ ዝነበሩ፣ *"ደሓን እንታይ ኣለዎ"* ናብ ዝብል ምስምስ ይኣትዉ። ክሳዕ ዝሓሙ፣ *"ከይርኣኽዎ/ከይርኣኹዋ ውዒለ"* ክሳዕ ምባል ይበጽሑ። ***"ኣምኖን ብምኽንያት ኃፍቱ ትእማር ክሳዕ ዝሓምም ሓሳቡ ኣዕ ገርገሮ"*** ከምዝበለ። (2ይ ሳሙ. ፲፫፥፩-፪/13፥1-2)።

ኣብ መጽሓፍ ተኣምረ ማርያም ብዛዕባ ክልተ ፈለስቲ (ወድን ጓልን) ሰፊሩ ኣሎ። ብዙሕ ጊዜ እዞም ክልተ ፈለስቲ (ወድን ጓልን) ብሥራሕ ይኹን ብዘይ ሥራሕ ይራኸቡ ነበሩ፡፡ እዚ ጥቡቕ ርክብ እዚ ክሳዕ ናብቲ ንገዳም ዝወጽኡሉ ዕላማ ኣረሲዑ፣ ንሳ ብፍቕሩ ንሱ ድማ ብፍቕራ ከም ዝሓሙ ገበሮም። ኣብ መወዳእታ ንሱ ከምዘፍቅራ ንሳ ውን ከምእተፍቅሮ ብግልጺ ተነጋገሩ። ካብ ገዳም ወጺኦም፣ ቆቢዖም ደርብዮም፣ ልብሶም ገዲፎም ሓዳር ንኽምሥርቱ ተሰማምዑ፡፡ ተሰማሚዖም ኣይተረፉን ፈጸምዎውን። ልክዕ ድንግልናኦም ምስ ኣፍረሱ፣ እቲ ከም ማዕበል ዝደፋፍኦም ዝነበረ ስምዒቶም ምስ ኣርወዩ፣ ድሕሪ ማይ ናብ ብዓቲ ከምዝበሃል ንሳ ምንኩስናኣ ተራእያን ዘከረትን፣ ንሱ ውን ከምኡ። ***"ንስኻ፣ ንስኺ"*** ተበሃሂሎም ድሕሪ ምውንጃጃሎም ብጸሎት ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ተኣሚኖም ናብ ገዳሞም ተመልሱ። ***በሉ ተመልከቱ!*** ኣብ ጊዜኡን ኣብ ዘይጊዜኡን ብሥራሕ ኮነ ብዘይ ሥራሕን ዘራኸበካ ገዲፍካ ዘየራኸበካ ምግባር ንዕላማኻ ኣረሲዑ ነዚ ዝረኣናዮ ሳዕቤን ኣለዎ፡፡ ስለዚ

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፥ ቤት ትምህርቲ ሰንበት [illegible] [illegible] ኪዳነ ምሕረት ቤ/ክ፤
[illegible]

ምትርራብና ብዕላማ ኮይኑ ውሱን ክኸውን ይግባእ። *"ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም፡ ዝውሕጦ ደልዩ ከም ዝጋዝም ኣንበሳ ኮይኑ ይዘውር ኣሎ'ሞ ተጠንቀቑ"* ከምዝተባህለ፡ ኩሉ ጊዜ ኣብ ከባቢና ኢዩሞ ኣብ ፈተና ከይንኣቲ ምጥንቃቕ የድሊ። (1ይ ጴጥ. ፭፥፰/5፥8)

ለ. ምጥምማት

ክልተ ኣንጻር ጾታ ብፍላይ ከኣ ብሓዳር ዘይተጸምዱ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታን ጊዜን ብተደጋጋሚ ዝራኸቡን ዝጠማመቱን እንተኾይኖም ቀስ ብቀስ ናብ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ንክኣቱ ተኽእሎኡ ዓቢይ እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ሥራሕ፡ ኣኼባን ጉባኤን ክልተ ኣንጻር ጾታ ዝረኽቡሉን ብተደጋጋሚ ዝጠማመቱሉን ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ፡ ብዙሓት በዚ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ምኽንያት ኮይኖም ይርከቡ እዮም። ገለ ናብ ሓዳር ዝበጽሑ እኳ እንተኾኑ፡ ገለ ውን ተጠማሚቶም ተሳቒዮም ይተርፉ።

ዓይንና ንኽንጥምተሉ ስለዝተዋህበ ዓይንና ዓሚትና ንኺድ እኳ እንተዘይበልና፡ ክሳዕ ምምብርካኽ ዘብጽሕ ምጥምማት ግና ክነወግድ ይግባእ። ሓደ ወዲ፡ ካብ ጽፍሪ እግሪ ኣትሒዙ ክሳዕ ጸጉሪ ርእሲ እናጠመተ ዝዛረብ ወይ ዝኸይድ እንተኾይኑ፡ ገለ ክፍሊ ኣካላታ ክማርኾ ይኽእል ኢዩ።

ሓደ ጊዜ ሓንቲ ኣመንዝራ ናብ ስምዖን ሰፋዪ ሳእኒ መጺኣ *"ሳእነይ ጸቢቡኒ ኣግፍሓለይ"* ትብሎ። *"ሕራይ"* ኢሉ የግፍሓላ። ተመሊሳ *"ኣጽብበለይ"* ትብሎ፡ የጽብበላ። ከምዚ ኢላ ምምልላስ ምስ ኣብዝሓትሉ፡ *"መምጽኢኺ እንታይ ድዩ"* ኢሉ ይሓታ፡ ብድፍረት *"ንዓኻ ደልየ እየ መጺአ"* ትብሎ። *"ኣየናይ ክፍሊ ኣካላተይ ስሒቡኪ ደኣ መሪጽክኒ"* ኢሉ ምስ ሓተታ፡ *"ዓይንኻ"* ኢላ ትምልሰሉ። ብድሕሪ ዚ በቲ ሒዙዎ ዝነበረ መስፌ ዓይኑ ጐጥጊጡ ብምውጻእ *"በሊ እንኪ"* ኢሉ ሃባ። ካብዚ እንማሃሮ ብዙሕ እኳ እንተኾነ ሓደ ካብኡ ግና ብትኩርነት ምጥማት፡ ንገለ ክፍሊ ኣካላት ጠብላሕታ ከምዘሕድር እሞ ናታ/ናቱ ተማራኺ ከምዝገብር እዩ። ክልተ ኣንጻር ጾታ ብዝተፈላለየ ሥራሕ ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ግን መንፈሳዊ ኣዒንቲ ሒዞም እንተዘይቀረቡ እሞ ከኣ ምጥምማትን ስሓቕን እንተበዚሑ ኣብ መወዳእታ ናብ ምትኽኻፍን ካልእን ይበጽሑ። ንበረኸት ኢሉ ዝተጀመረ ርክብ ናብ መርገም ይቕየር። ቅዱሳን፡ ምስ ኣንጻር ጾታ ኮይኖም ኣይሠርሑን ማለት ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግን መንፈሳዊ ዓይኒ ሒዞም ስለዝቀራረቡ ሥራሖም ፈጺሞም ይገላገሉ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ክጥምትዎ ንዘይግብኦም ኣተኲሮም ብምጥማቶም ብኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ተማሪኾም ዝወደቑ ብዙሓት እዮም። ንኣብነት፥

- ኣብ ደብረ-ቅዱስ ዝነብሩ ዝነበሩ ደቂ ሴት ብንጽሕናኦም፡ ብድንግልናኦምን ካብ ዓለም ብምፍላዮምን መላእኽቲ እናተበሃሉ ንኽጽውዑ ዝበቕዑ፡ ብሰንኪ ንደቂ ቃኤል ምጥማቶም ብኾናት ፍቕረን ተወጊኦም፡ ካብ ሰፈሮም ወሪዶም ምስኣን ከምዝረኸሱን ብሰንኮም ድማ

እታ ቀዳመይቲ ዓለም ከምዝተደምሰሰት መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጸልና። ከምዚ ይብል *"እቶም ደቂ ኣምላኽ ድማ ነተን ኣዋልድ ሰብ መልከዔኛታት ከምዝኾና ምስ ረኣዩ ካባታተን ዘዝሓረይወን ኣንስቲ ወሰዱ።"* (ዘፍ. ፮፥፪/6፥2)

- ሰበይቲ ጲጥፋራ ንዮሴፍ ብፍቕሩ ተምበርኪኻ ዝወደቐት ክኣቱን ክወጽእን እናጠመተት ዓይና ስለዘውደቐትሉ እያ። እቲ ቃል ከምዚ ይብል *"ድሕርዚ ነገር'ዚ ከኣ ኮነ ንዮሴፍ ሰበይቲ ጐይታኡ ዓይና ኣውደቐትሉ እሞ ምሳይ ደቕስ በለቶ።"* (ዘፍ. ፴፱፥፯/39፥7)

- ቅዱስ ዳዊት ብባትሴባ (ሰበይቲ ኦርዮ) ዝወደቐ ነብሳ ክትሕጸብ ከላ ስለዝጠመታ እዩ፥ *"ኮነ ከኣ ኣጋ ምሸት ዳዊት ካብ ምድቃሱ ተንሲኡ ኣብ ናሕሲ ቤት ንጉሥ ኪመላለስ ከሎ፥ ሓንቲ ሰበይቲ ማይ ክትሕጸብ ከላ ኣብቲ ናሕሲ ኮይኑ ርኣያ፥ እታ ሰበይቲ ከኣ ትርኢታ ብዙሕ ጽቡቕ ነበረ። ዳዊት ድማ... ልኢኻት ሰዲዱ ወሰዳ ... ምስኣ ደቀሰ።"* ከምዝበለ። (2ይ ሳሙ. ፲፩፥፪-፬/11፥2-4)።

ብዙሕ ጊዜ ብትኩርነት ዝጠማመቱ ሰባት ናብቲ ዝወጽእ ቃል ዘይኮኑስ ናብቲ ዝጥምትዎ ዘለዉ ቅርጺ እዮም ዘድህቡ። ስለ ዝኾነ ከኣ ከይሰምዑ *"እወ"* ይብሉ፥ *"እ . .እ . .እ"* የብዝሑ። በዚ ከኣ በታ ሓንቲ መዓልቲ ዝጠመትዋ ጠባያ ኣይፈልጡ፥ ሃይማኖታ ኣይፈልጡ *"ብፍቕራ ተወጊእኩ"* ዝብሉ።
ስለዚ ዋላ እኳ ምጥምማት ባህርያዊ እንተኾነ፥ ዓቐኑ ዝሓለፈ፥ ካብ ኣእምሮ ኃሊፉ ናብ ትምኒት ዘብጽሕ ምጥምማት ግና ክነወግድ ይግባእ። ወትሩ *"መንፈሳዊ ዓይኒ ፍጠረለይ"* ኢልና ናብ ልዑል ፈጣሪ ክንጽሊ ይግባእ።

ሐ. ኣካላዊ ስሕበት

ቅርጺ ኣካላት ሓደ ካብቲ ንብዙሓት ናይ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ምኽንያት ዝገብር ጠንቂ ኢዩ። ቅርጺ ኣካል ሰብነትና፥ ህያብ እግዚኣብሔር ስለዝኾነ ኣይንቀፍን እዩ። ንቅርጽኻ ኣጒሊሑ ዘርኢ፥ ኣብ ሰባት ብፍሉይ ስሕበት ዝፈጥር ኣለባብሳ ምዝውታር ግና ዘንቅፍ እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ጊዜና ደቀ-ኣንስትዮ ክንዲ ቁምጣ ስረ ትኸውን ክዳን እናተኸድና፥ ሓንቲ ከየትረፈ ቅርጸን ኣጒሊሑ ዘርኢ ዝተጠርነቐ ልብሲ እናኣዘውተራ ኣብ ኣንጻር ጾታ ፍሉይ ስሕበት ዘውርዳሉ ዘለዋ ጊዜ ምዃኑ ካብ ማንም ዝተሠወረ ኣይኮነን። በዚ ተሓተትቲ እየን። ብኣካላዊ ስሕበት ዝተማረኸ ሰብ ክቐርባ ከሎ ንሳውን ብገለ ተማሪኻ ስለትጸንሕ፥ ጊዜ ከይወሰዱ ኢዶም ይህቡ።
ቅዱሳን ግን ነዚ ከምዚ ዝበለ ብኸመይ ከምዝሰዕርዎ እዛ ትስዕብ ሓፃር ታሪኽ ንመልከት፥-

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ [illegible]

ኣባ መርትያኖስ ዝተባህሉ መነኮስ ኣብ ጥቓ ከተማ ኮይኖም፤ በዓቶም ፈልዮምን ብጾም፡ ጸሎትን ስግደትን ተወሲኖምን ንፈጣሪኦም የገልግሉ ነበሩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ በቲ ጥቓ በዓቶም ዝኃልፉ ዝነበሩ ኣንስቲ ብጽንዓቶም እናተዘራረባ ክኸዳ ከለዋ፡ ካብኣተን ሓንቲ *"ኣነ ከስሕቶም ይኽእል እየ"* ኢላ ክዳውንታን ጨናኣን ሒዛ ናብ በዓቶም ኣተወት። ኣባ መርትያኖስ ክዳውንታ ክትቅይርን ጨና ክትልከን ምስ ርኣይዋ፡ ዳዊቶም ሒዞም ክጽልዩ ጀመሩ። ምቅርራብ ምስ ኣብዝሐትን ብጨና ነቲ ብዓቲ ምስ መልኣቶን ሓንቲ እግሮም ናብ ሓዊ ኣእትዮም እቲ ትኪ ናይቲ ዝተቓጸለ እግሮም ክሳዕ ነቲ ጨና ዝቕይሮ ኣትከኽዎ። በዚ ዝተገረመት ሰበይቲ ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገበሩ ሓተተቶም። ንሶም ድማ ክርስትና ማለት ንዝመጸካ ፈተና ምብርካኽ ዘይኮነስ፡ ንዕኡ ሰጊርካ ዓወት ትረክበሉ መንገዲ ሕይወት ምዃኑ ኣስፊሖም ኣረድእዋ፡፡ ወዮ ሰበይቲ ንርእሳ መኒና ናብ ደብረ-ደናግል ከይዳ መንኮሰት። እምበኣር ናይ ኣካል ስሕበት ዋዜማ ውድቀት ምዃኑ ተገንዚብና ዘሰክፍ ኣለባብሳ ክንርኢ ከለና ገጽና ከነማዕትብን *"ሰኣሊ ለነ ቅድስት"* ብምባል ክሳድና ክንቅይርን ይግባእ፡ እንተተኻእለ ውን ምኽርና ክንልግስ ይግባእ።

እምበኣር ናይ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ መበገሲ ብሓፂሩ ነዚ ክመስል ከሎ

"በዚ ፍቕሪዚ ዝተማረኽ ሰብ ዘርእዮም ምልክታትከ እንታይ እዮም" ዝብል ቀጺልና ክንምልከቶም ኢና፦

ብኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ዝተታሕዘ ሰብ ዘርእዮም ምልክታት፦

ሀ. ስለቲ ዘፍቀርካዮ ሰብ ኵሉ ጊዜ ምሕሳብ

ሓደ ወዲ ተባዕታይ ብዛዕባ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ብዘይምቁራጽ ክሓስብ እንተጀሚሩ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ሒዙዎ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ብኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ካብ ዝተተሓዝናሉ ጊዜ ሓሳባትና ብምሉኡ ኣብቲ ዘፍቀርናዮ ሰብ ስለዝጽመድ እነውርዶን እነደይቦን ሓሳብ ብዛዕባኡ ጥራሕ እዩ ዝኸውን። ምስ ሰባት ተራኺብና ከነዕልል ከሎና ብሓሳብ ተወጢጥና ናብ ካልእ ኢና ንኸይድ። ነዚ ኵነታት ዝተዓዘቡ *"እንታይ ኮይንካ/ኪ፧ እንታይ ትሓስብ/ቢ ኣለኻ/ኺ"* ክብሉና ከለዉ ንስንብድ። ዋላ እኳ ክንሰምዖም እንተደለና፡ ሓሳባትና ይከፋፈለና። እዚ ሓሳብ ብዘንቀሎ ጸቕጢ ድማ ዝረኣናዮ ዘበለ ነገር ናይቲ ዘፍቀርናዮ ቅርጺ ኮይኑ ይረኣየና፡ ዝሰማዕናዮ ዘበለ ድምጺ ናይቲ ዘፍቀርናዮ ድምጺ ኮይኑ ይስምዓና። ከምዚ ዝዓይነቶም ሰባት ምናልባት ነታ ዝሓስብዋ እንተዘይረኺቦም ክሳብ ምጽላል ይበጽሑ፡ ምእንትኣ ዘይከፍልዎ መሥዋዕቲ የለን፡ ክሳዕ ካብ ቤተ-ክርስትያን ምርሓቕ እውን እንተኾነ ይበጽሑ። በዚ ድማ ኵሉ ጊዜ ኣብ ስቓይ ይነብሩ።

ለ. ዘይተገዳስነት

ብሰንሰለት ናይዚ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ክእሰሩ ከለዉ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም፣ ሠራሕተኛታት ኣብ ሥራሖም፣ ነጋዶ ኣብ ንግዶም. . . ዘይተገዳስነት የርእዩ። ብሰንኪ እዚ ፍቕሪ እዚ ካልኦት መደባትን ሥራሓትን ትርጉም ዘይብሉም ኮይኑ ይስምዖም። በዚ ከኣ ቅድም ተገዲስና ነኽብሮም ዝነበርና ነገራትን ሰባትን ሸለል ምባል ንጅምር።

ሓሓደ መንእሰያት ንቤተ-ሰቦም ዘጎዝን ቃላት ዝምልሱ ኣብዚ እዋን እዚ እዮም። ብዙሓት ትምህርቶም፣ ሥራሖም፣ ንግዶም ሸለል ዝብሉ ኣብዚ እዋን እዚዶ ኣይኮኑን! ንእንጌራ ምብላዕ እኳ ሸለል ዝብሉ ኣይተሳእኑን።

ሐ. ጽምዋ ምምራጽ

ነቲ ዘፍቀርናዮ ሰብ ቅድሚ ምንጋርና ይኹን ነጊርናዮ ምቕባል ምስ ዝኣብይን ብዘስዕቦ ጸቕጥን ጭንቀትን ጽምዋን(በይንኻ ምዃን) ተነጽሎን ንመርጽ። ካብቶም ኣብ ደገ ዘለዉ ጥራሕ ዘይኮንናስ ካብ ቤተ-ሰብና እውን ከይተረፈ ንግለልን ንንጸልን። ጽምዋ እንመርጸሉ ሓደ ካብቲ ምኽንያት ናፃ ኮይንና፣ ኣብ መንጎ ዘቓርጽ ዘይብልና ብዛዕባ እቲ ዘፍቀርናዮ ክንሓስብ ስለ እንደሊ እዩ።

መ. ብዛዕባ ኣከዳድና ምጭናቕ

ብመሠረቱ ንእስነት ብኣከዳድና እንግደሰሉን እንጭነቐሉን ክልል ዕድመ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ብፍላይ ግን በዚ ፍቕሪ'ዚ ክንተሓዝ ከሎና፣ ሳንዱቕ ወይ ከኣ ኣርማድዮ ምሉእ ክዳውንቲ ዝኣኽለና ኮይኑ ኣይስምዓናን እዩ። *"ኣብ ቅድሚ እቲ ዘፍቀርክዎ/ዋ ኣየናይ ክዳውንቲ መሊሰ ክርአ ወይ ክኸይድ"* ዝብል ጭንቀት ይልዓል፣ መዓልታዊ ኣብ ኣከዳድናና ዓቢይ ትኹረት ንህብ። እዚ ከኣ ነቲ ዘፍቀርናዮ ሰብ ክሳዕ ክንደይ ከምዝተጨነቕናሉ ዘመልክት ኢዩ።

ሠ. ሕማም

"ኣምኖን... ብፍቕሪ ትእማር ሓፍቱ ክሳዕ ዝሓምም ኮነ።" (2ይ ሳሙ. ፲፫፥፪/13፥2)
ካብ ፍቕሪ ዝተላዕለ ንሓሞ ሕማም ኣካላዊ ዘይኮነስ ሥነ-ኣእምሮኣዊ እዩ። ዋላ እኳ ውሽጣውን ደጋውን ኣካላትና ጥዑይ እንተኾነ፣ እዚ ፍቕሪ እዚ ብዘስዓቦ ጸቕጢ ግና ሚዛን ሰብነት ምጉዳልን ጭንቀት ምውሳኽን ዘይተርፍ ምልክት እዩ። ንኣምኖን ኣብ ትካዜ ኣእትዩ ናብ ሕማም ዘብጽሖ ብዛዕባ ትእማር መጠኑ ዝኃለፈ ምሕሳቡ እዩ።

ንሕናውን በዚ ፍቕሪ እዚ ክንተሓዝ ከሎና፣ ንስድራ-ቤትና ኮነ ንሰብ ሞያ-ጥዕና ንክርድእዎ ክሳዕ ዘጸግሞም ናይ ጠባይ ለውጥን ናይ ኣእምሮ ጸገማትን ነርኢ።

ካብ ብዙሑ ብውሑዱ ምልክታት ናይ ኣንጻር ጾታ ፍቕሪ ነዚ ይመስል።

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፡ ቤት ትምህርቲ ሰንበት

❖ ዓይነታት ጾታዊ ፍቕሪ

ሀ. ትምኒታዊ ፍቕሪ

ንሓደ ግሩንን ውሩይን ስም ዘለዎ ሰብ ቀሪብካ ጠባዩ እንታይ ምዃኑ ከይፈለጥካ፡ ብዝናኡን ውርይነቱን ጥራሕ፡ ብፍቕሩ እንተተምበርኪኽካ እዚ ትምኒታዊ ፍቕሪ ይብሃል። *ንኣብነት፦* ውሩይ ስፖርታዊ፡ ንፉዕ ተመሃራይ፡ ህቡብ ደራሲ፡ ንፉዕ ናይ መድረኽ ሰብ (መምህር፡ ተዋስኣይ...) ወዘተ ክኸውን ይኽእል። ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሰባት ዋላ እኳ ብትምኒት ጥራሕ እንተኣፍቀርካ ክትረኽቦም ግና ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ምኽንያቱ ምስዚ ዘፍቐርካዮ ሰብ ብዕድመ፡ ብቦታ፡ ብዕላማ፡ ብኽብሪ ...ወዘተ ዘይትሰማማዕን ዘይትዛመድን ክትከውን ትኽእል ኢኻ። በዚ ፍቕሪ እዚ ዝተታሕዙ ሰባት ሥእሊ፡ ፖስት-ካርድ፡ ጽሒፈት. . . ናይቲ ዘፍቀርዎ ኣኪቦም ንዕኡ እናርኣዩ ርሱን ትምኒታዊ ፍቕሮም ከዝሕሉ፡ ከደዓዕሱን ከደቅሱን ይፍትኑ።

ለ. ናይ ዓይኒ ፍቕሪ

"ካብ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን ሓንቲ ሰበይቲ ርእየ ኣለኹ እሞ፡ ሕጂ ንዕኣ ኣመርዑዉኒ" (መሳ. 14፥2)።

ዓይንና ካብ ካልኦት ሕዋሳትና ብዝበለጸ ስፍርን ቊጽርን ዘይብሎም ነገራት ዝእክብ ክፍሊ ህዋሳትና ምዃኑ ምሁራት ይሰማምዑሉ እዮም። ካብዚ ዝተላዕለ ብኣጋጣሚ ኣብ ሓደ ቦታ ብዝርኣናያ/ዮ ሰብ፡ ኣብ ውሽጥና ኣትዩ ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ስምብራት ይገድፍ። ኣብ ኣውቶቡሳት፡ ዕዳጋ፡ . . . ሓንቲ መዓልቲ ብዝረኣናዮ/ያ ንናይ ዓይኒ ፍቕሪ ምሩኻት ኾይንና። ምስ ኣንጻራዊ ጾታ ብምጥምማት ብናይ ዓይኒ ፍቕሪ ጥቑዓት ኾይንና። እቲ ዓይንና ዘውደቕናሉ ሰብ ደጋዊ መልክዑ፡ ኣካይዳኡ፡ ኣዘራርባኡ፡ ጸወታኡ (ዋዛ) ብምርኣይ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብመሠረት በዚ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት ብናይ ዓይኒ ፍቕሪ ዝወደቑ፡ ነቲ ዘፍቀርዎ ሰብ ክርእይዎ ስለዝደልዩ፡ ንሱ ኣብ ዘለዎ ዓዲ፡ ቤት-ትምህርቲ፡ ቤት-ጽሕፈት... ወዘተ ብዘይሥራሕ፡ ብዘይመደብ ይኸዱ።

ካብ ማኖኣ ዝተወልደ ናዝራዊ ሳምሶን ብናይ ዓይኒ ፍቕሪ ተጠቒዑ ከምዝነበረ ኵላትና ንፈልጥ ኢና። ብእግዚኣብሔር ንእግዚኣብሔር ክኸውን ተፈልዩ ናይ ኃይልን ብርትዐን ጸጋ ዝተዋህቦ ሳምሶን፡ ካብቶም ዘይተገዝሩ ፍልስጥኤማውያን ዝኾነት ሓንቲ ሰበይቲ ርእዩ ንናይ ዓይኒ ፍቕሪ ኢዱ ሂቡ እዩ። ባዕሉ ክዛረብ ከሎ፡ ***"ካብ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን ሓንቲ ሰበይቲ ርእየ ኣለኹ እሞ ሕጂ ንዕኣ ኣመርዑዉኒ"*** በለ። (መሳ. ፲፬፥፪/14፥2)።

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፡ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መካነ ግሎት ኪዳነ ምሕረት ቤ/ክ፤
ማይተመናይ/ፓርቴሬዮ

ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ሽሕ እኳ ሓደ ካብቶም ናብ ጾታዊ ፍቕሪ ዘብጽሑ ምኽኑ ኩላትና እንተተሰማማዕና፡ መብዛሕታኡ ጊዜ ውጽኢቱ ዘንዝንን ካብ ሥራሕካ ኣባኺሩ መጻወቲ ዝገብርን ዓይነት ፍቕሪ እዩ። ኣብ ሓንቲ ከምዘይትርዕም ገይሩ ስፍርን ቍጽርን ዘይብለን ከምእትምነን ዝጠመትካያ ዘበለት "ናተይ እንተትኸውን" እናበልካ ሁታትያ ከምትኸውን ዝገብር ረቂቕ መርፍእ እዩ። እቲ ነታ ኣብ "ቲምናታ" እትነብር ዝነበረት ደሊላ እትብሃል ፍልስጥኤማዊት ብናይ ዓይኒ ፍቕሪ ዝተማረኸላ ሳምሶን፡ ብፍቕራ ተምበርኪኹ ንናይ ዓይኒ ፍቕሪ ወዲቑ ምርኣይና ዓቢይ መረዳእታ እዩ። መወዳእታ ሳምሶን ውርደትን ሞትን እዩ ነይሩ።

ንሕና'ውን ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ከም ሓቃዊ ፍቕሪ ቆጺርና ካብ ፍቓደ እግዚኣብሐር ወጻኢ ብዝኾነ ፍቕሪ እንተተኣሲርና፡ ሳምሶን ዝጠዓሞ ጽዋእ ሞት ምጥዓምና ዘይተርፍ እዩ። እዚ ግና ውሑዳት ብምኽንያት ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ናብ ዝተቐደሰ ሓዳር ዝበጽሑ የለዉን ማለት ዘይኮነስ፡ ንዝበዝሑ ዘሀውትት ምኳኑ ንምግላጽ እዩ።

ሐ. ኣብ ጥቕሚ ዘተኮረ ፍቕሪ (ጥቕሚ-ተኮር ፍቕሪ)

"ንዒ ምሳይ ደቅሲ" (2ይ ሳሙ. ፲፫÷፲፩-፲፪/13÷11-12)።

ንጥቕሚ ዘተኮረ ፍቕሪ ዝለበሰ ሰብ፡ ንደገኡ ልባዊ ፍቕሪ ብዝመስል ቆርበት ሸፊኑ፡ ብውሽጡ ጊዝያዊ ስምዒቱ ንምርዋይን ነታ ዝበሃጋ ኣብ ኢዱ ንኽእቱን ዘድቢ ተኾላ እዩ። ብሰብኣዊ ተፈጥሮና ከነፍቕር ንኽእል ኢና፡ እንተኾነ ግና ዕላማኡ ዘነጸረን ዘፍቀርናሉ ምኽንያት ፍሉጥን ክኸውን ኣለዎ። ብመንገዲ ጥቕሚ-ተኮር ፍቕሪ ንኸይድ እንተሃሊና ንሕይወትና ናብ ከቢድ ሓደጋ ነቃልዕ ከምዘለና ምግንዛብ ከድልየና እዩ።

ንትእማር ብምፍቃሩ ክሳዕ ሕማም ዝበጽሐ ኣምኖን ድሌቱ ጥቕሚ-ተኮር እዩ ነይሩ። ብምኽሪ ኢዮናዳብ ዓርኩ ንትእማር ካብ ክብራ ምስ ኣነወራ፡ ካብቲ መጀመርታ ዘፍቀራ እቲ ድሓር ዝጸልኣ እዩ ዛይዱ። ጸላኢ ሠናያት ዲያብሎስ ነቲ ዘይትፍጽሞ ፍቕሪ ንምጅማር ዝወዳደሮ የለን እሞ ኣምኖን ንትእማር ናብ ገዛኡ ንኽእትዋ ፍሉይ ሜላ ከምዘይተጣበበ፡ ስምዒቱ ምስ ኣርወየ ብጊላታቱ ገይሩ ካብ ቤቱ ደፊኡ ምውጻኡ ዘገርም እዩ። ኣብ መወዳእታ ግና ብኣገልገልቲ ኣቤሴሎም ተቐትለ። (2ይ ሳሙ. ፲፫÷፩-፳፱/13÷1-29)

ብጥቕሚ-ተኮር ፍቕሪ ዓዊርና ኣብ ርኽሰት ከይንወድቕ እሞ ዕጫ ኣምኖን ከይበጽሓና ምጥንቃቕ የድሊ እዩ። ብጥቕሚ-ተኮር ፍቕሪ ዓዊሮም ኣብ ሓዳር ዝበጽሑ እኳ እንተለዉ፡ ግዳማዊ መልክዖም ተመናንዮምን ብሃብቲ ተሃላሊኾምን ናብ ፍትሕ ዘምርሑ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንዮሴፍ ዝፈተነት ሰበይቲ ጲጢፋራን ንሳምሶን ዘጥቅዓት ደሊላን ብጥቕሚ-ተኮር ፍቕሪ ተንበርኪኽን ምንባረን ነንብብ ኢና። ሰበይቲ ጲጢፋራ ጊዝያዊ ስምዒታ ንምርዋይ፡ ደሊላ ድማ ገንዘብ ንምርካብ። (ዘፍ. ፴፱÷፯-፲፰/39÷7-18፤ መሳ. ፲፮÷፲፬-፳/16÷14-20)

መ. ምኽሪ-ወለድ ፍቕሪ (ተመኺርካ ምፍቃር)

ፍቕሪ ብባህርይኡ ዝኾነ ከየንቀሳቕሶ ዝነቅሕ፣ ዋላ ሓደ ከየለዓዓለ ዝጉዓዝ፣ ኣብ ልቢ ዝቃጸል ሓዊ እዩ። እንተኾነ ግን ነዚ ዝዘንግዑን ሰማያዊ ውህበት ምዃኑ ዝረስዑን ሰባት፣ ንሳቶም ዝመረጹልና ከነፍቅር ክህውኹና ይርአዩ እዮም።
"ንሱ እኮ ብጣዕሚ እዩ ዘፍቅረኪ፣ ንምንታይ ንፍቕሩ ዓጸፋ መሊስኪ ናብ ጽቡቕ ሓዳር ዘይትኣትዊ..." "ብዘይካኻ ካልእ ወዲ ከምዘየለ ክሳዕ ዝመስላ እያ ተፍቅረካ፣ ንምንታይ ዘይትርድኣላ..." ወዘተ እናበሉ ብዘይድላይና ከነፍቅር ዝህውኹ ኣለዉ። እዞም ሰባት ብተደጋጋሚ ክህውኹና ከለዉ፣ ኣብ ባዶ ልብና ምኽሪ-ወለድ ፍቕሪ ክንጠንስ ንጅምር። ሓቀኛ ፍቕሪ ክቕመጠሉ ዝግብኦ ልቢ ንምኽሪ-ወለድ ፍቕሪ ስለዝተቃልዐ፣ ጊዜኡ ሓልዩ ሓቀኛ ፍቕሪ ምስ ተቐልቀለ ንገብሮ እዩ ዝጠፍኣና። ነዚ እዮም ድማ ብምኽሪ-ወለድ ፍቕሪ ዝተጀመሩ ሓዳር ብፍትሕ ዝድምደሙ። ስለዚ ንምኽሪ-ወለድ ፍቕሪ ንክንብርከኽ ምኽንያት ዝኾኑና ሰባት ክመኽሩና ኢሎም ክቐርቡ ከለዉ፣ ብምኽሪ-ወለድ ፍቕሪ ምሩኻት ከምዘይኾንና ብጽንዓት ንመልሰሎም።

ሠ. እምነትካ ዘቐይር ፍቕሪ

"ንጉሥ ሰሎሞን ... ብፍቕሪ ምሳታተን ጠበቐ ... ደድሕሪ ኣስታርተ እታ ኣምላኽ ሲዶናውያንን ደድሕሪ ሚልኮም ጽያፍ ኣሞናውያንን ከደ" (1ይ ነገ. ፲፩÷፩-፰/11÷1-8)።

ብጥበቡ ዓለም ዘደነቐን እግዚአብሔር ኣምላኽ ክልተ ጊዜ ዝተገለጸሉን ንጉሥ ሰሎሞን፣ ኣብ እግዚኣብሔር ዝነበሮ እምነት ደርብዩ ንጣዖት ሲዶናውያን ዝሰገደ፣ ልቡ ብብዙሓት ደቀ ኣንስትዮ ስለዝተወግአ እዩ። እዚ ንጉሥ እዚ ነተን ደቂ ኣንስትዮ ብምፍቃሩ ንእምነተን ጥራሕ ዘይኮነ ተኸቲሉ፣ እተን ጓኖት ኣንስቲ ንኣማልኽተን ዝዓጥናሉን ዝሠውዓሉን ሠርሓለን። በዚ ዝገበሮ ኃጢኣት ግና ካብ መቕጸዕቲ እግዚኣብሔር ኣየምለጠን። እምነቱ ንፍቕሪ ደቀ ኣንስትዮ ክብል ስለዝለወጠ፣ መንግሥቱ ኣብ ክልተ ከምትኽፈል ተነግሮ። ብዘመን ሮብዓም ወዱ ከኣ ተኸፍለት። ንኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ክብሉ እምነቶም ዝኸሕዱን ካብ እግዚኣብሔር ዝርሕቑን እዚ እዮም ዝፍደዩ።

ሎሚ በዚ ዓይነት ፍቕሪ ዓዊሮም ሃይማኖቶም ዝለወጡ ክንደይ እዮም፤ እምበኣርከስ *"እምነት ዘቐይር ፍቕሪ"* ነቲ ዘፍቐርናዮ ክንብል ሃይማኖትና ክንልውጥን ንእግዚኣብሔር ክንገድፍን ዝገብረና ስለዝኾነ ክንጥንቀቐሉ ይግባእ። ካብ እምነት ንፍቕሪ ቀዳምነት ሂብና ከም ሰሎሞን ፈልከት እንተበልና ግን ካብ መቕጸዕቲ ኣይክነምልጥን ኢና። ኣብዚ ምድሪ እኳ ዘምለጥና እንተመሰለና፣ ካብ ሲኦል-ገሃነም ግና ከነምልጥ ኣይክኣለናን እዩ። ምኽንያቱ "ነታ

ቀዳመይቲ እምነተን ስለዝጠለማ ፍርዲ ኣለወን" ዝብል ኣምላኻዊ ቃል ክፍጸም ግድን ስለዝኾነ። (1ይ ጢሞ. ፭÷፲፪/5÷12)

እዞም ኣብ ላዕሊ ክንገልጾም ዝጸናሕና ዘይሓቃዊ ዓይነት ፍቕሪ ክኾኑ ከለዉ፣ ቐጺልና ከኣ ሓቀኛ ዓይነት ፍቕሪ ክንምልከት ኢና፣ እግዚኣብሔር ጥበቡ ይሃበና።

ሓቀኛ ፍቕሪ

ሓቀኛ ፍቕሪ ግዳማዊ መልክዕን ሃብትን ተመኒኻ ኣብ ምድረ-በዳ ዘሪእካ ዕረ ዘፍሪ ዘይኮነስ ኣብ ዝተፈታተዉ ልቦና ቦቒሉ ዝዕንብብን ምቁር ፍረ ዝህብን ሓረግ ወይኒ እዩ። እዚ ዓይነት ፍቕሪ ኣብ ልብና እንተሓዲሩ፣ እቶም ኣቐዲምና ዝርኣናዮም ዓይነታት ፍቕሪ ቦታ የብሎምን።

ሓቀኛ ፍቕሪ ነቲ ዘፍቕርናዮ ሰብ ብምሉእ ልብናን ብፍቓድናን ክንቅበሎ ድሉዋት ስለዝገብረና፣ ንርእስና ኣሕሊፍና ክሳዕ ምሃብ ውን ምሉእን ቆራጽን ውሳኔ ስለዘዕጥቐና በዚ ሰብ እዚ ምሩኻት ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ንልብና ሓጎስ ይዓስሎ። ንሓቀኛ ፍቕሪ ዝፈታተኑ ከበድቲ ፈተናታት እኳ እንተኣጋጠሙ፣ ንሱ ግና ከምቶም ካልኦት ዓይነታት ፍቕሪ ፈርከሽከሽ ከይበለ ጸኒዑ የሕልፎም።
ብሓፈሻ ሓቀኛ ፍቕሪ እዞም ዝስዕቡ ጠባያት ኣለውዎ።

- ✣ ግብዝና የብሉን (ሮማ ፲፪÷፱/12÷9)
- ✣ የዐግሰካ
- ✣ ኣየቕንኣካን
- ✣ ኣየመካሓካን
- ✣ ኣየዕብየካን
- ✣ ኣየበሳጭወካን
- ✣ ክፉእ ነገር ኣየሕስበካን
- ✣ ንበይነይ ይጥዓመኒ ኣየብለካን
- ʘ ብሓቂ ይሕጎስ
- ʘ ብዓመጻ ደስ ኣይብሎን
- ʘ ንኹሉ ይዕገስ
- ʘ ንኹሉ ይኣምን
- ʘ ንኹሉ ተስፋ ይገብር
- ʘ ብኹሉ ይጸንዕ
- ʘ ንዘለዓለም ኣይወድቕን

እምብኣርከስ ናይ ጠባያት ሓቀኛ ዓይነት ፍቕሪ ነዚኣቶምን ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉን ክኾውን ከሎ፣ ኣብዚኣቶም ተመርኲስካ ዝግበር ሓዳር ክሳዕ መቓብር ምኻኑ ተገንዚብና ፍቕርና ክንምርምር ይግብኣና።

©[illegible]

❖ መፍትሒታት ንግጉይ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ

ሀ. ጸሎት

"ኣቱም ኵሉኹም እትጽዕሩ ፆር ዝኸበደኩም ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ..." (ማቴ. ፲፩፥፳፰/11፥28)።

ጸሎት፥ ሰብ ምስ ፈጣሪኡ ዝዛራረበሉ፥ መፍትሕ ናይ ድሌታቱ ዝቕበለሉ መንገዲ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ካብቲ ንሕና እንወስዶ መፍትሒ እግዚኣብሔር ዝህቦ መፍትሒ ዝበለጸ ምኳኑ ዘየጠራጥር ስለዝኾነ፥ ብመንገዲ ጸሎት ሽግርና ክንነግሮ ይግብኣና። ንሰባት ምኽሪ ሓቲትና ኮነ ብዙሓት መጻሕፍቲ ኣንቢብና መፍትሒ ሽግርና ከይንረክብ ንኽእል ኢና፥ብገዛእ ርእስናውን ብዙሕ ሜላታት ተጠቒምና ክንከውን ንኽእል። ስለዚ በዚ ኵሉ ሽግርና ካብ ዘይተወገደ ተሪፉና ዘሎ ናብቲ *"ኣቱም ኵሉኹም እትጽዕሩ ፆር ዝኸበደኩም ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ ..."* ዝበለ እግዚኣብሔር ምቕራብ ኢዩ።

"ድሌትኩም ዘበለ ብጸሎት ልማኖ ምስ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፥ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ" ውን ተባሂሉ ኣሎ። (ፊሊ. ፬፥፮/4፥6)

ናብቲ ምሉእ ሕይወትና ዝቆጻጸርን መጻኢ ናብራና ብዘይምርመር ጥበቡ ንዝፈልጥን እግዚኣብሔር ኣምላኽና ስለቲ ዘጨንቐና ፍቕሪ ክነመልክት ይግባእ። *"እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ናይ ኣንጻር ጾታ ፍቕሪ ኣብ ኣእምሮይ ሠሪጹ ኣሎ፥ ግን እዚ ካባኻ ድዩ ወይስ ካብ ካልእ"* ብምባል ንኣምላኽና ንሕተት። እግዚኣብሔር ድማ መልሲ ክህበና ኢዩ።

እግዚኣብሔር ዘይተሓወሶ ብገዛእ ርእስና እንወስዶ ስጉምቲ ግን ዋላኳ ምስቲ ዝደለናዮ ተዘራሪብና ንሰማማዕ፥ ኣማናዊ ውሽጣዊ ሰላም ዘይህብ ደሓር ውን ኣብ ከቢድ ጣዕሳ ዘእቱ እዩ። ብኣንጻሩ ንእግዚኣብሔር ዘቐደመ ስጉምቲ ግና እቲ ዝነበረ ፍቕሪ ተባሪኹን ኣማናዊ ፍቕሪ ተወሲኽዎን፥ ናብቲ ሓቀኛ ትርጉም ሓዳር ዘብጽሕ እዩ።

ለ. ሕይወት ቅዱሳን ምሕሳብ

"ነቶም ቃለ-እግዚኣብሔር ዝመሃሩኹም መራሕትኹም ዘክርዎም..." (ዕብ. ፲፫፥፯/13፥7)

ሓደ ኣብ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ዝጠሓለ ሰብ ሕይወት ቅዱሳን ብምዝካር ካብ ጭንቀቱ ክገላገል ይኽእል እዩ። *"ኣቦና ያዕቆብ ነታ ዝመረጻ ራሔል ንምርካብ ከይተረበሸ፥ ብፍቕራ ከይሓመመ፥ ናይ ገዛእ ርእሱ ስጉምቲ ከይወሰደ ን፲፬/14 ዓመት ከም ዝተጸበየ"* ዝሓሰበ ሰብ፥ ሎሚ ጠሚቱ ጽባሕ ክጭነቕ፥ ናይ ገዛእ ርእሱ ስጉምቲ ንምውሳድ ድፍእ ቅንዕ ክብል ዘይኮነስ ብትዕግስቲ ክጽበ ከምዘለዎ ይግንዘብ። ሕይወት ደናግል ዝሓሰበ ሰብ ውን "ደናግል ንዘለዓለም ካብዚ ፍትወት እዚ ርሒቖም ካብ መርዓ ተሓሪሞም፥ ስምዒታቶም ገቲኦም፥ ጸብኣ ኣጋንንቲ

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፡ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መዓከኒ ጉጅለ ሲዳት ምሕደራ ቤ/ክ፣
ማይተመናይ/ፓራዲሶ

ተዓጊሶም፣ ድምጺ ኣራዊት ከየፍርሖም ኣብ ቍርን ሃሩርን ኣብ በረኻ ይነብሩ ኣለዉ፡ ኣነ ግን ንቑሩብ ዶ ምፅጋስ ተሳኢኑኒ" እናበለ ንርእሱ ክግሥጽ ይኽእል እዩ።

ሐ. ምኽሪ ምሕታት

". . . ጥበብ ግና ምስቶም ምኽሪ ዝቕበሉ እያ።" (ምሳ. 13፥10)

ምኽሪ ምሕታት ዓቢይ ጥበብ እዩ። *"ካብ ሓደ ርእሲ ክልተ ርእሲ"* ከምዝብሃል፡ ክልተ ኮይንካ ተማኺርካ ትገብሮ ካብቲ ብውልቅኻ ትወስዶ መፍትሒ ዝበልጽ ብምዃኑ ነቶም *"ምኽሪ ክልግሱለይ ይኽእሉ እዮም"* ዝበልካዮም ቀሪብካ ምዝርራብ ይግባእ። ገለ-ገለ ዋላ እኳ እዚ ልምዲ እዚ እንተሃለዎም እቲ ዝውከስዎ ሰብ ብቑዕ ምኽሪ ክህብ ዘይክእል፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ርእይቶ ዝህብ፡ ብግሉጽነት ነቲ ሓቂ ኣብ ክንዲ ዝመክር ብስክፍታ *"ድሓን እንታይ ኣለዎ"* በሃሊ ስለዝኾውን ካብ ጌጋኦም ኣብ ክንዲ ዝእርሞም ናብ ዝገደደ ጌጋ ከምዝኣትዉ ይገብሮም። ስለዚ ምኽሪ ክንሕትት ከሎና ንኹሉ ዝፈለጥናዮን ዝቐረብናዮን ዘበለ ክንሓትት ዘይኮነስ፡ ብመጽናዕቲ ብቑዕ ምኽሪ ክህብ ይኽእል እዩ ናብ ዝበልናዮ ምቕራብ ይግብኣና።

"ሃቀና(ሓሳብ) ብምኽሪ ይጸንዕ፥ ብጥበብ ተመሪሕካ ተዋጋእ" ከምዝበለ ።(ምሳ.20፥18)

መ. ምምርማር

"መንፈሳዊ ሰብ ግን ንኹሉ ይምርምር" (1ይ ቆሮ. ፪፥፲፭/2፥15)

ዋላ እኳ ፍቕሪ ህያብ እግዚኣብሔር እንተኾነ፡ እቲ ጸላኢ ደቂ ሰብ ዝኾነ ሰይጣን ግና ኣገባብን ሥርዓትን ብዘይብሉ መንገዲ ከምእንፋቐር ገይሩ ርቡሽ ሕይወት ከም እንመርሕ ካብ ምግባር ድሕር ኣይብልን እዩ። ስለዚ ብኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ምስ እንጥቃዕ እቲ ፍቕሪ ካበይ ምዃኑ ምምርማር ግድን እዩ። እቲ ዘፍቀርናዮ ሰብ ካብ ምንታይ ተበጊስና ከምዘፍቀርናዮ ምምርማር ግቡእና እዩ።

ፍቕርና ካብ ትምኒት፡ ናይ ዓይኒ ፍቕሪ፡ ጊዝያዊ ድሌት ንምርዋይ፡ ጊጉይ ምኽሪ፡ እምነት ዘቐይር ፍቕሪ ወይስ ሓቀኛ ፍቕሪ ምዃኑን ዘይምዃኑን ምምርማር ይግባእ። ምኽንያት መፍቀሪኡ ዘይምርምር ሰብ ናብቲ ብምኽንያት ጊጉይ ፍቕሪ ዝመጽእ መዘዝ ምቕላዑ ዘይተርፍ እዩ። ስለዚ *"ንኹሉ ተዓዘብዎ ነቲ ሠናይ ሓዝዎ"* ተባሂሉና ኣሎ እሞ ልቢ ንግበር። (1ይ ተሰ. ፭፥፳/5፥20)

ሠ. ዘይምህዋኽ

ደድሕሪ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ ዝሰዕብ ጭንቐትን ስቓይን ከተወግድ ኢልካ፡ ነቲ ዘፍቀርካዮ ንክትረክብ ኢልካ ቀልጢፍካ ኢደካ ምሃብ ኣይግባእን። ጊዜ ዘይፈትሖ ናይ ፍቕሪ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ስለዘየለ ምጽባይ ይግባእ። ብዘይምህዋኽ እንታይነትን ጽንዓትን ፍቕርና ምክትታል

ይግባእ። ከመይ! ካብ ሓቀኛ ፍቕሪ ወጻኢ ብገርን፡ ኣብ ፍቕሪ-መሰል ኃጢኣት ከይተረድኣና ተጸሚድና ክንከውን ስለ እንኽእል። ተሃዊኽካ ብፍቕሪ ነብሽኻ ምውዳቕን ነቲ ዘፍቀርካዮ ሰብ ንክትረክብ ጸደፍደፍ ምባል ውጽኢቱ መሪር እዩ።

ንኣብነት፡- ንትእማር ዘፍቀረ ኣምኖን ህወኽ ኣፍቃሪ እዩ ነይሩ። ብናይ ትእማር ፍቕሪ ክምብርኸኽ፡ ናይ ኢዮናዳብ ክፉእ ምኽሪ ክቕበልን ንትእማር ኣብ ኢዱ ንኸእትዋ ዝወሰዶ ስጉምትን ቀጥዒ ዘይብሉ ታህዋኽ እዩ። በዚ ኸኣ ነቲ ዝፈተዋ ፍቕሪ ተሃዊኹ ኢዱ ሂቡ ኣብ ልዕሊ ትእማር ኣጸያፊ ሥራሕ ምፍጻሙ፡ ኣብ መወዳእታ ሕይወቱ ከምዝስእን ገይርዎ እዩ። (2ይ ሳሙ. ፲፫፥፩-፳፱/13፥1-29)

ብኣንጻሩ ናይ ኣቦና ያዕቆብ ናይ ፍቕሪ ሕይወት ክንምርምር ከሎና፡ ታህዋኽ ዘይነበሮ ምዃኑ ንግንዘብ። ኣቦና ያዕቆብ ካብ ኃው ኤሳው ሃዲሙ ናብ ኣኮኡ ላባ ምስ ከደ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ እዩ ብፍቕሪ ራሔል ዝተታሕዘ። ፍቕሪ ድኻ እዩ፡ ምስኪን እዩ፡ ስደተኛ እዩ ኢሉ ሸለል ኢሉ ዘይሰድድ ማእሠር እዩ። ዋላ እኳ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ንራሔል እንተኣፍቀረ ከይትሃወኸ ን14 ዓመት ተገዚኡ፡ ተጸብዩ እዩ ብሥርዓት ካብ ወለዳ ተቐቢሉ። (ዘፍ. ፳፱፥፲፫-፴/29፥13-30)

ብታህዋኽ ኣምኖን ዝሰዓበ ናይ ሕይወት ክሳራን ብትዕግሥቲ ያዕቆብ ዝተረኽበ ሓጎስን ብምንጽጻር ፍቕርና ብመንጽር ግዜ ክንርእዮ ይግባእ ።

ረ. ብግሉጽነት ምዝርራብ

ፍቕርና፡ ሓቐኛ ፍቕሪ ምዃኑ ኣብ ዘረጋገጽናሉ ጊዜ፡- ብጸሎት ንእግዚኣብሔር ሓቲትና፡ ካብ እሙናት ሰባት ምኽሪ ተወኪስና፡ ኵነታት ፍቕርና መርሚርና፡ ብትዕግሥቲ ተጸቢና፡ ነቲ ዘፍቀርናዮ ሰብ መንፈስ ፍርሒ ኣርሒቕና ብግልጺ እንተተዛረብና ነውሪ ኣይኮነን ምስ ኃጢኣት ውን ፍቕዲ የብሉን። ብዕርክነት ንምንባር ዘይኮነ ብሓዳር ንምውሳን ከምዝግባእ ክንተኣማመን ይግባእ። ካብዚ ወጻኢ ብዕርክነት ተደሪቱ፡ *"ካብ ስድራ-ቤትን ኣቢ-ነፍስን ተሓቢኡ ይጽናሕ"* ዝብል ኣረኣእያ እንተሃልዩ ግና ዘይምዝርራብ ይሓይሽ። ምኽንያቱ ብሥዉር ምጽናሑ ናብቲ እግዚኣብሔር ዝጽየፎ ኃጢኣት ከውድቐና ተኽእሎኡ ዓቢይ ስለ ዝኾነ እዩ።

ምናልባት ብግልጺ ተዛሪብና ኣሉታዊ መልሲ እንተተዋሂብና፡ ተስፋ ክንቖርጽ ኮነ ክንሓፍር ዘይኮነስ *"እግዚኣብሔር እዚ ሰብ እዚ ክሳዕ መወዳእታ ምሳይ ጸኒዑ ክኸይድ ስለዘይክእል እዩ ብእኡ ኣቢሉ ዝዛረበኒ ዘሎ፡ ስለዚ ጐይታየ ፍቓድካ ይኹን "* ምባል ይግባእ። ***"ምስማዕ ምስ ኣበየና ኸኣ ፍቓድ ጐይታ ይኹን ኢልና ሃዳእና"*** ከምዝበለ። (ግብ. ፳፩፥፲፬/21፥14)

❖ እግዚአብሔር ንሓዳር ዝኸውን ኻኽህበና ክንጽሊ ይግባእ'ዶ፧

“ኣሚንኩም ዝለመንኩሞ ዘበለ ኵሉ ክምእትቕበሉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።” (ማቴ. ፳፩፥፳፪/21፥22)

ጸሎት፥ ሰብን እግዚአብሔርን ዝራኸበሉ መንፈሳዊ ድንድል እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ዝደለናዮ ዘበለ ንምርካብ ናብ ፈጣሪና ብጸሎት ክነስምዕ ይግባእ። ንሓዳር ዝኸውን/ትኸውን ንምርካብ ናብ እግዚአብሔር ምጽላይ፥ “ካብ ባዕለይ ዝመረጽኩዎ እግዚአብሔር ዝመረጸለይ ይሕሸኒ” ምባል እዩ። እግዚአብሔር ዝመረጸልና ዘበለ ከኣ ጕዶሎ ዘይርከቦ፥ ክሳዕ መፈጸምታ ጽኑዕ፥ ኣማናዊ ሓጎስ ዝህብ እዩ። ብዙሓት ሰባት “ንሓዳር ዝኸውን ሃበኒ” ኢልካ ምጽላይ ዘሕፍር ገይሮም እዮም ዝወስድዎ። እዚ ግን ጌጋ እዩ። ምኽንያቱ! ሓዳር ሓንሳብ ምስ ኣተኻዮ ዘይትወጸሉ፥ ምሒልካ ዘይትጠዓሰሉ መንፈሳዊ ጥምረት ስለዝኾነ፥ ኣምሒሉ ዘየጣዕስ ንምርካብ ጸሎት ኣድላዪ እዩ። ትግህትን መንፈሳዊትን ሰበይቲ ፍረ ጸሎት እያ። ብጸሎት ናብ እግዚአብሔር ዘየመልከተ ሰብ ጉዳይ ጸኒሑ መወዳእታኡ መጭበርበሪትን ንመንፈሳዊ ሕይወቱ ፈታኒትን ናብ ዝኾነት እዩ ዝምብርከኽ። ታሪኽ ዝሓለፉ ቅዱሳን ኣቦታት ገንዚልና ክምነንብቦ፥ “ንሕና ዝመረጽናያ ደገኣ መልክዐኛ ውሽጣ ኣበረኛ ክትከውን ትኽእል እያ፥ እግዚአብሔር ዝመረጸ ግን መሐጎሲት ልቢ እያ” እናበሉ፥ ባዕሉ እግዚአብሔር ኻኽህቦም ብጸሎት ይልምኑ ነይሮም እዮም።

ንኣብነት፥

* ርብቃ

ኣብ (ዘፍ. ፳፬፥፩-፷፯/24፥1-67) ዘሎ ታሪኽ ዝገልጸልና፦ ኢያውብር ዝተባህለ ኣገልጋሊ ኣቦና ኣብርሃም፥ ንይስሓቕ ትኸውን ሰበይቲ ክደሊ ኣቦና ኣብርሃም ምስ ለኣኾ፥ ብዙሓት ደቀ ኣንስትዮ ኣብ ሩባ ማይ ክቕድሓ ርእዩ እሞ *“ካብ ኣነ ዝመረጽኩዎ እግዚአብሔር ዝመረጸለይ ትሕሸኒ”* ብምባል፥ ካብተን ኣዋልድ ሓንቲ ንይስሓቕ ኻኽህቦ ናብ እግዚአብሔር ለመነ። መሐጎሲት ልቢ፥ መልክዐኛ፥ ነቲ ኣቦ 12 ነገድ እሥራኤል ዝኾነ ያዕቆብ ንምውላድ ዝበቕዐት ርብቃ ከኣ ተዋህበቶ።

ኢያውብር ሰበይቲ ንክደሊ ክኸይድ ከሎ ኣብ ኣግማሉ ብዙሕ ወርቅን ዝተፈላለየ ክዳውንትን ነይርዎ እዩ። ከም ናይዚ ዘመንና ትውልዲ *“ቃላት መሪጸ ብግራኺ ዘረባ ኣስዲዐ ደቀ ኣንስትዮ ክወስድ እየ”* ኣይበለን፥ ወይ ውን *“ነዚ ወርቅን ብሩርን ዝተፈላለየ ክዳውንትን ኣርእየ ማሪኸ ክወስድ እየ”* ኣይበለን። ንሱ ዝገበረስ ከምዚ እዩ፥ ኣግማሉ ኣንበርኪኹ፥ ንገዛእ ርእሱ ተንበርኪኹ፥ *“ኣታ እግዚአብሔር ኣምላኽ ጐይታይ ኣብርሃም፥ ሎሚ ኮታ ኣገግዓለይ፥*

© [illegible]

ንጐይታይ ኣብርሃም ከኣ ምሕረት ግበር፣ እንሆ ኣነ ኣብዚ ጥቓ ዓይኒ ማይ ደው ኢለ ኣለኹ፣ ኣዋልድ ደቂ እዛ ከተማ ከኣ ማይ ክቐድሓ ይመጽኣ ኣለዋ፣ ይኹን ድማ፣ ማይ ክሰቲ ዕትሮኺ ትሕት ኣብልዮ ዝብላ ጓል ንሳ ከኣ ስተ ነግማልካውን ክስትየን እየ ትብለኒ ንሳ ንይስሓቅ ባርያኻ ዝመደብካያ ትኹን።" ኢሉ ጸለየ። ነዚ ምስ ጸለየ "ስለምንታይ ንሓዳር ትኸውን ሰበይቲ ክህበካ ትልምነኒ" ኣይተባህለን፤ እኳ ደኣ እግዚኣብሔር ጸሎቱ ተቐቢሉ ቀልጢፉ ከምዝፈጸመሉ ቀጺልና ንመልከት፥ "ኮነ ድማ ዘረባኡ ከይወድአ እንሆ ርብቃ ጓል ቤቱኤል ወዲ ሚልካ ዕትሮኣ ኣብ መንኩባ ጸይራ መጸት። እታ ጓል ድማ ትርኢታ ኣዝያ ውቕብቲ ሰብኣይ ዘይፈለጣ ድንግል ነበረት። ናብቲ ዓይኒ ማይ ወሪዳ ድማ ዕትሮኣ መሊኣ ደየበት። እቲ ግዙእ ድማ ጎይዩ ተቐባበላ። ካብ ዕትሮኺ ኮታ ቅሩብ ማይ ኣስትይኒ ከኣ በላ። ንሳ ካኣ ጐይታይ ስተ ኢላ ቀልጢፉ ዕትሮኣ ናብ ኢዳ ኣውሪዳ ኣስተየቶ። ምስ ኣስተየቶ ድማ ነግማልካ ኩሎ ዝኣኸለን ክሰትያ ክቐድሓለን እየ በለት" (ዘፍ. ፳፬፥፲፪-፳፬/24፥12-24)። በዚ ከምዚ እግዚኣብሔር ጸሎቱ ሰሚዑ ንርብቃ ከምዘዳለወሉ ፈለጠ። ናብ ገዛ ከይዶም ድማ ተመሪቓ ናብ ይስሓቅ ወሰዳ። ናይ ሓዳር ብጸይቲ/ብጻይ ሃበኒ ተባሂሉ ንዘለመነ ኵሉ ጊዜኡ ሓልዩ ይወሃቦ/ባ እዩ።

☦ ብጸሎት ካብ እግዚኣብሔር ትርከብ ሰበይቲ ከመይ ዝበለት እያ፧

✣ መጸናንዒት እያ፦ "ይስሓቅ ከኣ ናብ ድንኳን ኣደኡ ሣራ ኣእተዋ። ንርብቃ ድማ ወሰዳ እሞ ሰበይቱ ኮነት። ፈተዋውን። ይስሓቅ ከኣ ድሕሪ ሞት ኣደኡ ተደበሰ።" (ዘፍ. ፳፬፥፷፯/24፥67) ብጸሎት ዝተረኽበት ርብቃ ንይስሓቕ ኣብ ጊዜ ኃዘን ኣጸናኒዓቶ እያ። ሎሚ ውን ከይተሃወኽና ብጸሎት ንረኽባ ሰበይቲ መጸናንዒት እያ።

✣ ንሰብኣያ ዘውዲ እያ፦ "ለባም ሰበይቲ ዘውዲ ሰብኣያ እያ።" (ምሳ. 12፥4)

✣ በረኸት እያ፦ "ሰበይቲ ዝረከበ በረኸት ይረክብ።" (ምሳ. 18፥22)

✣ መስተውዓሊት እያ፦ "ቤትን ሃብትን ካብ ወለዲ ይውረስ፣ ለባም ሰበይቲ ግና ካብ እግዚኣብሔር እያ።" (ምሳ.19፥14)

✣ ካብ ካልኦት ኣንስቲ ዝበለጸት እያ፦ "ኵሉ ሰብ ሰበይቲ ኣእትዩ ይብል። እንተኾነ ግን ካብ ሰበይቲ ትበልጽ ሰበይቲ ኣላ።" (ሲራ. ፴፮፥፳፮/36፥26)

✳ ሣራ (መጽ.ጦቢት ምዕራፍ 1-9)

ሳራ ካብ ኣቦኣ ራጉኤልን ኣደኣ ኤድናን ዝተወልደት መልከዐኛን ብርኽትን ሰበይቲ እያ ነይራ። ወለዳ ንዓቕሚ ሔዋን ምስ በጽሐት ኣመርዓውዋ። እቲ መርዓ ብድሙቕ ኣገባብ ተፈጺሙ፣ ሳራ ምስቲ ዘእተዋ ተተሓሒዞም ናብ ንእዲ ሕጽኖቶም ኣተዉ። ጊዜ ጸልማት

ኣብቂዑ ብብርሃን መዓልቲ ምስ ተተክአ፡ ኣብ ቤት ራጉኤል መሪር ብኽያት ተሰምዐ። ዘገርም እዩ! ሓደ መዓልቲ ሓዲርካ ኣውያት። ነገሩ እንታይ'ዩ እንተተባህለ፡ እቲ ምስ ሣራ ክድቅስ ዝፈተነ ሰብኣይ ደቀሰ እምበር ኣይተንሥአን፡ ብኡ ንብኡ ናብ ዓዲ ምዉታት ከደ፡ ካብ ዓለም ተፈልዩ። ሣራ ነገሩ ደንጽዩዋ ንብዙሕ ጊዜ በይና ብዘይ ሰብኣይ ድሕሪ ምጽናሕ፡ "ንሣራ ደልየ" ዝብል ናብ ቤት ራጉኤል ኣምርሐ። ከም ቅድሙ ብድሙቕ ድግስ መርዓ ተፈጸመ። ሕጂውን ኣብ ንእዲ ሕጽኖት ድምጺ ብኽያት ተሰምዐ፡ ቀሪቦም እንተርኣዩ፡ እቲ ሰብኣይ ኣሰር ቀዳማይ ስዒቡ። ምስክነይቲ ሳራ ነገሩ ተገራጨዋ፡ ንምስምዑ እኳ ዘሰንብድ። ብዝኾነ ሣልሳይ ሰብኣይ እውን ኣይደንጎየን፡ ንሣራ ተመርዓወ። እዚ ውን ብእግሩ ዝኣተወ ብሬሳ ካብ ገዛ ወጸ። ሕቡእ ምሥጢር'ዩ፡ ነገሩ እንታይ እዩ፡ ሳራ ሰብኡት ምኳን ኣብዮማ። ኣብ ዓዳ *"ቀታሊት ሰብኡታ"* ዝብል ናይ ሰብ ሕሜታ ነብሰ-ስጋኣ ወድኣ። እንታይ እሞ ዘይገበረት ሣራ! ጊዜ ብጊዜ እናተተክአ ራብዓይ ሰብኣይ ወለደ። ራብዓይ ሰብኣይ ብቐራጽነት ንሣራ ከእቱ ኣምርሐ። ንሣራ ኣእትዩ ሓደ ለይቲ ከይሓደረ፡ ጽዋዕ ሞት ጨለጠ። 5ይ፡6ይ፡7ይ እናተባህለ *"ቀታሊት ሸብዓተ ሰብኣይ"* ክሳዕ እትብሃል ኮነት። ግን ሳራ ንመርዓ ስለዘይትዓደለት ድያ ወይስ ... ሕቡእ ምሥጢር ኣሎ!

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ካብተን ኣገልገልታ *"ሰብኡታ ዝወድኣት"* ምስ በለታ ልባ ብኹናት ኃዘን ተወግአ። ንርእሳ'ውን ጽዋዕ ሞት ክተልዕል ወሰነት። ምስኪነይቲ ሳራ፡ ገመድ ሒዛ ናብ ገዝኣ ብምእታው ነዛ ዓለም ብሞት ክትሰናበታ ቆረጸት። ጭንቂ ክበዝሖም ከሎ ነዚ ዓይነት ስጉምቲ ከምቆራጽነት ዝወስድዎ ውሑዳት ኣይኮኑን። ብገመድ ምሕናቕ፡ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ምጥላቕ፡ ብገደል ምጽዳፍ፡ ብጥይትን ቡንባን ርእሸኻ ምሕላፍ ከም መፍትሒ ዝቖጽርዎ ቁጽርን ስፍርን የብሎምን።

ሣራ ክትሕነቕ ደኣ ወሰነት እምበር ብእኡ ኣይዛዘመቶን። እንተሞተት እንተሃለወት ካብ እግዚኣብሔር ከምዘይትስወር ተገንዚባ፡ *"ርእሰኺ ኣጥፍኢ"* ንዝብል ክፉእ ሓሳብ ኢዳ ኣይሃበቶን። ምኽንያቱ እዚ ሓሳብ እዚ ናይ ሰይጣን ምዃኑ ስለ እትፈልጥ። ዝኾነ ይኹን ጭንቂ እኳ እንተኣጋጠመ፡ *"ርእሰኻ ኣጥፍእ"* ንዝብል ሰይጣናዊ ሓሳብ ከይንስዕቦ ንጠንቀቕ።

ሣራ ሽግራ ንእግዚኣብሔር ክትነግር ወሰነት። እወ! ናብቲ **"ናባይ ትጽልዩ ኣነ ኻኣ ክሰምዓኩም እየ"** (ኤር. ፳፱፥፲፪/29፥12) ዝበለ ኣምላኽ ጸለየት። ሣራ ፍረ ጸሎታ እንታይ ይኸውን!

ሣራ ሓዳራ ዓምቢቡ ኣብ ምቁር ፍረ እትበጽሕ ኣየናይ ሰብኣይ ምስ ረኸበት ይኸውን!

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ጦቢያ ዝተባህለ ወዲ ጦቢት ንእግዚኣብሔር ዝፈርሕን ንስድራኡ ዝእዘዝን መንእሰይ ካብ ኣቦኡ ተላኢኹ ናብ ርሑቕ ቦታ ንኽኸይድ ምስተወሰነሉ፡ ምስ ቅዱስ ሩፋኤል ተራኸበ። ጉዕዞኦም ብሓንሳብ ድሕሪ ምቕጻል ኣብቲ ሣራ እትርከበሉ ዓዲ በጽሑ። ብድሕሪዚ ቅዱስ ሩፋኤል " *በል ጦቢያ ንዓኻ ትኸውን ለባም፡ ምልክዕቲ ሰበይቲ ካብዚ*

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፣ ቤት ትምህርቲ ሰንበት [illegible] ኪዳነ ምሕረት ቤ/ክ፤
ማይተመናይ/ኣስመራ-ኤርትራ

ንዲ ክትምርዖ ኢኻ ዝብል ቃል ኣሰምዮ። ጦብያ ኣብ ሓሳቡ ዘይነበረ ብምዃኑ ድሕሪ ምስንባድ፡ መንነታ ክፈልጥ ደለየ። ቅዱስ ሩፋኤል ድማ ንሳ ሣራ ከምዝኾነት ነገሮ። ምዕቡንዶቲ ሳራ ወረኣ ኣብ ኩሉ ቦታ ስለዝበጽሖ፡ "ሣራ ደኣ ቅድሚ ሕጂ ተመርዕያ ሸብዓተ ሰብኡት ዝቐተለት እንድያ፣ ንዓይ እንተቐተለትኒ'ከ" በለ፡ ኩሉ እናተራእዮ። እግዚአብሔር ንኣዳም እቶኸውን ሔዋን ከምዘዳለወ፡ ንጦብያ እቶኸውን ሓንቲ ጓል ሣራ ጥራሕ ብምንባራ፡ "ሣራ ንዓኻ ኢላ ዝተወልደት እያ።" ብምባል ቅዱስ ሩፋኤል ናብኣ ከምዝምርዖ ገለጸሉ። ግሩም ነገር፡ ለካስ እግዚአብሔር ንደቂ ኣዳም ዝኾና ደቂ ሔዋን፡ ንደቂ ሔዋን ዝኾኑ ደቂ ኣዳም ካብ ማሕፀን'ዩ ዘዳሉ! መንዎ ፈለጠ! ብታህዋኽ፡ ብስምዒት ኣብ ዘይመጻምድትና ስለ እንኣቱ፡ ሓዳር እንተተመሥረተ ብፍትሕ ይዛዘም፡ እንተቐጸለውን ምትእምማን፡ ሰላም፡ ፍቕሪ ዘይብሉ እዩ ዝኸውን። ጦብያ ንሓሳብ ቅዱስ ሩፋኤል ተቐቢሉ ንሣራ ናቱ ክገብራ ወሰነ። ናብ ቤት ራጉኤል ኣተዉ። ዛራ ሓሳብቶም ከኣ ንስድራ ሣራ ኣፍለጡ። ወለዲ ሣራ ቃል ሓተትቲ ክዩዕ ብሩ ደኣ "ሕራይ" በሉ እምበር ናይ መንእሰይ ሬሳ ካብ ገዛኦም ከምዝወጽእስ ርግጸኛታት እዮም ነይሮም። ብዝኾነ መርዓ ተፈጺሙ ናብ ንእዲ ሕጽኖት ኣተዉ። መሬት ምስወግሐ ራጉኤል ድጓይ ጦብያ ንምፍላጥ ሰብ ለኣኸ። ጉድጓድ ተኻዒቱ ኣእማን ተቐሪቡ እዩ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ክስዕብ እዩ ዝብል ስግኣት ስለዝነበሮም። ጦብያ ካብ ቅዱስ ሩፋኤል ብዝተቐበሎ ምኽሪ ምስ ሳራ ብሥጋ ቅድሚ ምርኻቦ ናይቲ ኣብ መንገዲ ዝሓዘዎ ዓሳ፡ ናቱ ልቢ ኣትኪኹ፡ ምስ ሣራ ኮይኖም ጸሎቶም ጀመሩ። ብድሕሪዚ እዩ እቲ ኣብ ሣራ ሓዲሩ ሸብዓተ ሰብኡት ዝቐተለ "ኣስማድዮስ" ዝተባህለ ሰይጣን ካብኣ ዝረሓቐ። ለካስ ሣራ ንጦብያ ክትጽበ እዩ ሸብዓተ ሰብኡት ኣብ ንእዲ ሕጽኖት ጽዋዕ ሞት ዘጥዓሞም። ሣራ ምስ ጦብያ ሓዳር ገይራ፡ ውላድ ወሊዳ ከም ኣብርሃምን ሣራን ሰብ ኣዛረበት፡ ብዙሓት ቆልዑ ከኣ ወለደት።

ዋላ እኳ እዚ ታሪኽ እዚ ዝተፈጸመሉ ቅድሚ ብዙሕ ዘመናት እንተኾነ፡ ዘመን ክልወጥ ዘይልወጥ እግዚአብሔር ግን ንሱ ስለዝኾነ፡ ጸሎተ ሣራ ሰሚዑ ንልባ ዘሕጉስ፡ ካብ ውርደታ ዘገላገል ሰብኣይ ከምዝሃባ፡ ሎሚ'ውን ንሓዳር ዝኸውን ሰብኣይ ሃበና ኢለን ንዝልምና ዘይህወኻት፡ ጊዜ ዝጽበያ ደቀ-ኣንስትዮ ካብቲ ንሳተን ግዳማዊ መልክዕ፡ ዝና፡ ሃብቲ ርእየን ዝመርጽኦ ዝበለጸ ከምዝፈጥረለን ክግንዘባ ይግባእ።

✥ ብጸሎት ዝርከብ ሰብኣይክ ከመይ ዝበለ እዩ፧

÷ ንእግዚአብሔር ዘምልኽን ትእዛዙ ዘኽብርን እዩ፦

ጦቢት ንጦብያ ወዱ "ወደየ ኣብ ኩሉ ዘመንካ ንእግዚአብሔር ኣምላኽካ ዘከሮ፣ ትእዛዙ ብምጥሓስ ኃጢኣት ኣይትፍቶ።" ክብሎ ከሎ፣ ጦብያ ድማ "ኣቦይ ዝኣዘዝካኒ ኩሉ

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፥ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ማኅበረ ቅዱሳን ኢዮብ ምሕረት ቤ/ክ
ማይታመና ድሬዳዋ

ክገብር እየ" እዩ ዝበሎ። (ጦቢት ፬፥፭/4፥5፤ ፭፥፩/5፥1) *"ኣቦይ ዝኣዘዝካኒ ኩሉ ክፍጽም እየ"* ዝብል ቃል ጦብያ ንእግዚኣብሔር ዝእዘዝን ዘምልኽን ምዃኑ እዩ ዘመልክት።

✣ ቆራጽ እዩ፦

"ዝበልኩኹም ክሳዕ ትውድኡለይ፡ ጉዳየይ ክሳዕ ተጽንዑለይ ኣብዚ ገዛ ገለ መግቢ ኣይበልዕን እየ" (ጦቢት ፯፥፲/7፥10)።

ጦብያ ሣራ ንምርካብ ዘርኣዮ ቆራጽነት፡ ንዝተቐረበሉ መግቢ *"ኣይጥዕምን'የ"* ክሳዕ ዝብል በጺሑ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ናብቲ ጽዋዕ ሞት ዝተፈጸመሉ ንእዲ ሕጽኖትውን ብቖራጽነት ከደ። ካብ እግዚኣብሔር ዝኾነ ሰብኣይ ናይ ሕይወት መሥዋዕቲ ንዝሓቱ ፈተናታት እኳ እንተኣጋጠሙ፡ ምስ በዓልቲ ሓዳሩ ኮይኑ እዩ ዝምክቶም።

✣ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ኽትብርትዕ ዝቃለስ እዩ።

"መዓጹ ኩሉ ምስ ተዓጽወ፡ ጦብያ ካብ ዓራት ወሪዱ እግዚኣብሔር ይቕረ ክብለልና (ክሕልወና) ጸሎት ንግበር በላ።" (ጦቢት ፰፥፬/8፥4)

ጦብያ ዋላ'ኳ ኣብ ንእዲ ሕጽኖት እንተነበረ፡ ንሣራ ሒዙ ካብ ጸሎት ኣይተቖጠበን። ምስ ሣራ ዝምሥርቶ ሓዳር ብጸሎት ክጅመር ከምዘለዎ ስለ ዝኣመነ፡ *"ንዒ ዝኃፍተይ"* ኢሉ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንጸሎት ክምብርከኹ ኣለዓዓላ። ካብ እግዚኣብሔር ዝወሃብ ሰብኣይ ናይ እግዚኣብሔር እዩሞ፡ ንርእሱ በርቲዑ ንሰበይቱ የበርትዕ።ዋላ'ኳ ንሳ እንተደኸመት፡ *"ንዒ ዝኃፍተይ ተንሥኢ"* ደኣ ይብል እምበር፡ ተተሓሒዞም ኣይድቅሱን።

✣ ጉዕዞኡ ምስ መላእኽተ እግዚኣብሔር እዩ፦

"ንሱ ከኣ ሰብ ክደሊ ከይዱ መልኣኽ ሩፋኤል ረኸቦ። እንተኾነ ግን መልኣኽ ምዃኑ ኣይፈለጠን … ምሳይዶ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ በሎ፡ እቲ መልኣኽ ከኣ እወ ክኸይድ እየ፡ መንገዱ ውን ይፈልጦ እየ በሎ።" (ጦቢት ፭፥፬-፮/5፥4-6)

ናይ ጦብያ ጉዕዞ ምስ ሩፋኤል መልኣኽ እዩ ነይሩ። ምስ ሣራ ዘመርዓዎ እውን ንሱ እዩ ነይሩ። ከም ጦብያ ብእግዚኣብሔር ተባሪኹ ዝውሃብ ሰብኣይ ጉዕዞኡ ምስ መላእኽቲ ኮይኑ፡ ብጸሎቶምን ተራዳእነቶምን ኣማኒ እዩ።

<u>መጠቓለሊ</u>

ናይ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ፡ ነቶም ልቦም ኣንጺፎም፡ ኢዶም ዘርጊሖም ዝጥምትዎ ዘፍዝዝን ዝማርኽን እዩ። ነቶም ከም ዮሴፍ ዝሃድሙሉ ግን ፈኪሩ ደኣ ይተርፍ እምበር ገለ ክገብሮም ኣይክእልን እዩ።

ብዘይ ዕላማ ርክብ ምብዛሕ፡ ብትኹረት ምጥምማት፡ ብግዳማዊ መልክዕን ዝናን ምምራኽ ምንጪ ኣንጻራዊ ጾታ ፍቕሪ እዮም። ንእግዚኣብሔርን ንሃይማኖትካን ክሳዕ ምኽሓድ ከኣ የብጽሑ።

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፡ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መድሃኔ ዓለም ኪዳነ ምሕረት ቤ/ክ።
[illegible]

ኣቦና ያዕቆብ ራሔል ናቲ እንተኾይና ናብ ተብሎ ከምዘይብላ ስለዝተገንዘበ፣ ን14 ዓመታት ዝኣክል ከይትሃወኽ ብትዕግሥቲ ተጸበየ። ናትና ምጽባይ ትምህርትኻ ኣጠናቒቕካ ብቑጠባዊ ትሕዝቶኻ ርእስኻ ክሳዕ ትኽእልን ትርጉም ሓዳር ብዕምቆት ክሳዕ እትመዝንን እዩ።

ፍቕርካ/ኪ መርሚርካ/ኪ ካብ ትምኒታዊ፣ ጥቕሚ-ቶከር፣ ምኽሪ-ወለድ፣ እምነት ዘቖይር ፍቕሪ ናፃ እንተኮይንካ/ኪ ነቲ ዘፍቀርክዮ ንቱም ነገር ምሕታት ኃጢኣት ኣይኮነን። ሓቲትኪ/ካ እንተዘይሰለጠኪ/ካ ግን "ጐይታ ፍቓድካ ይኹን " ምባል ይግባእ።

በዚ ሽግር እዚ ኣብ ዝተተሓዝካሉ ግዜ ምኽሪ ምሕታት ይግባእ። በዛ ጉዳይ እዚ ሕይወት ክተበላሽ ተኽእሎኡ ዓቢይ እዩ እሞ ናፃ ኮይንካ "ምኽሪ ክሀቡኒ ይኽእሉ እዮም" ንዝበልካዮም ምሕታት ልቦና እዩ።

እግዚኣብሔር መሪጹ ዝሃበካ ናይ እግዚኣብሔር ስለዝኾነ ናብ መንገዲ እግዚኣብሔር ዘቕርበካ እዩሞ፣ ዕድመኻ፣ ትሕዝቶኻ ንሓዳር ኣብ ዝበጽሓሉ ንእግዚኣብሔር ለምኖ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣይትተሃወኽ።

ብዝተረፈ፣ ፈተና ዝብሃል ትዕግሥትኻ፣ ጽንዓትካ፣ ቆራጽነትካ፣ ተኣማንነትካ ...እትፍተነሉ መንፈሳዊ መርመራ እዩሞ፣ ንዝቐርበልና ፈተና ክንዕወተሉ ይግባእ።

ኹሉ ነዚ ዝተባህለ ንምፍጻም ግና እግዚኣብሔር ይሓግዘና!
ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያምን ኵሎም ቅዱሳንን ብጸሎቶም ኣይፈለዩና፣
ተራዳእነትን ሓለዋን መላእኽቲ'ውን ምስ ኵላትና ይኹን! ኣሜን!!!

ስብሓት ለእግዚኣብሔር
ወለወላዲቱ ድንግል
ወለመስቀሉ ክቡር!!!

©ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ፣ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ሙሉእ ግእዝ ኪዳነ ምሕረት ቤ/ክ/
[illegible]